# ስእላዊ ምርኢት „ምጽዋዕ“ ኣብ ከተማ በርሊን

ምጽዋዕ - ዘይተዳህሰሰት ውርሻ ኤርትራ ብዝብል ኣርእስቲ ኣብ ከተማ በርሊን (ጀርመን) ንከተማ ምጽዋዕን ከባቢኣን ዝምልከት ስእላዊ ምርኢት ብዕለት 28.01.2019 ብወግዒ ተኸፊቱ።




ፕሮፌሰር ካትሪን ሂንስ ኣብ ዩኒቨርስቲ ቴክኒክን ስነ-ቁጠባን በርሊን (Hochschule für Technik und Wirtschaft HTW) ሓላፊት ዲን ስነ-ጥበብን ባህልን ኣብቲ መኽፈቲ መደብ ኣብ ዘሰምዓቶ መደረ፡ ነዛ ኣዚያ ታሪኻዊት ከተማ ዝኾነት ምጽዋዕ ዝምልከት ስእላዊ ምርኢት ንምውዳብ ብዙሕ ጻዕሪ ከምዝሓተተ ድሕሪ ምሕባር፡ ኣብ ምውዳቡን ቴክኒካዊ ሓገዛት ኣብ ምግባርን ንዝበርከቱ ኣመስጊና። ቀንዲ ኣበጋሲ እዚ ስእላዊ ምርኢት ፕሮፌሰር ቬንግ ብወገኑ፡ ታሪኻዊ ኣገዳስነት ናይዛ ብርቂ ዝኾነት ከተማ ኣዚዩ ልዑል ምዃኑ ድሕሪ ምዝኻኻር፡ ንከተማ ምጽዋዕ ኣብ መዝገብ ባህላዊ ውርሻ ዩኔስኮ ምስፋር ብዕቱብ ክስራሓሉን ክትግበርን ዝግበኦ ምዃኑ ብምጥቃስ ብወገኑ ኩሉ ዘድሊ ክኢላዊ ተበግሶ ንምውሳድ ምስ ዝምልከቶ ኣካል ክተሓባበር ድሉውነቱ ገሊጹ።





እዚ ስእላዊ ምርኢት  ኣሸሓት ዓመታት ባህላዊ ታሪኽ ዘንጸባርቕ ኮይኑ፡ ካብ 1995 ክሳብ 1997 ኣብዘሎ ግዜ ብፕሮፌሰር ዶክተር ስቴፋን ቬኒግን ዶክተር ፓቬል ዎልፍን ዝተሳእለ ስእልታትን ካብ 1995



ክሳብ 2007 ዘካየድዎ ስነዳን ዝተመርኮሰ ኢዩ። ብዝተፈላለዩ ጽሑፋት ከኣ ዝተሰነየ ኢዩ።

ብዕለት 28.01.201 ኣብ ዝተገብረ መኽፈቲ ጽንብል ዝተፈላለዩ ኣብ ስነ-ጥንቲ ዝነጥፉ ክኢላታትን ኣባላት ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ በርሊንን ተረኺቦም ነይሮም። እቲ ምርኢት ኣብ ካምፓስ ናይቲ ዩኒቨርስቲ ንኣስታት ክልተ ወርሒ ክሳብ ዕለት 30.03.2019 ንተዓዘብቲ ክፉት ኮይኑ ክጸንሕ ኢዩ።

ዓወት ንሓፋሽ!

ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ
ተኸሉ ለባሲ
- ህዝባዊ ዲፕሎማስን ዜናን -